الحركة الشعبية الإرترية

**ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ**

**Eritrean People's Movement**

## <u>ኣፍን ግብርን ክርሓሓቕ እንከሎ፡፡</u>

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ 2008 ካብ ዕለታት 24/01/ክሳብ ዕለት 28/01/2008 ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤኡ ከም ዘካየደ ፍሉጥ ኮይኑ ኣብ ጊዜኡ እውን ብኤርትራዊ መራኸቢ ብዙሓን ተገሊጹ ከምዝነበረ ናይ ትማል ታሪኻዊ ተዘክሮ ኢዩ፡፡ እቲ ብኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ኣባላት ብዲሞክራስያዊ መረጻን ሕርያን ናብቲ ጉባኤ ዝተሳተፉ ኣባላት ዝተኻየደ ዉዕዉዕ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ብቕኑዕን ክፉቱን ኣገባብ መራሕቱ መሪጹ፡፡

ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ጉባኤ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ 17 ኣባላት ዘለውዎ ማእከላይ ባይቶን ክልተ ተተካእትን መሪጹ። ካብ ውሽጢ እዚ 19 ኣባላት ድማ 7 ዝኣባላታ ፈጻሚት ሽማግለ መሪጹ።ዝርዝር ኣስማት ናይቶም ኣብ ጉባኤ ዝተመርጹ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፡፡

1.ኣድሓኖም ገብረማርያም
2. መኮነን ሃይለ
3.ተኽሊት ህብታይ
4.ዶክተር ዮናስ ገብረኣምላኽ
5. ዑስማን መሓመድ ኣደም
6. ኣሽመላሽ ገብረዝጊ
7. ኢሳያስ ኣስፍሃ
8. ጸጋይ ገብረዮውሃንስ
9. ሳሙኤል ዓንደብርሃን
10. ዳዊት የማነ
11. ሰመረ ተስፋዝጊ
12ሃብተማርያም በርሀ
13 ረዘነ ገ.ሚካኤል
14. ዮሴፍ ኣስጎዶም
15.ያቆብ ሃብተ
16. ሓጂ ከሊል
17.ኢብራሂም ሳልሕ

ተቐየርቲ እውን
1. ተወልደመድህን ሃይለሚካኤል
2. ማሕሙድ ሳልሕ።

ኣዞም ዝስዕቡ ድማ ኣባላት ፈጻሚት ኣካል ጌሩ መሪጽዎም፡፡

1. ኣድሓኖም ገብረማርያም ኣቦመንበር
2. መኮነን ሃይለ ጸሓፊ
3. ተኽሊት ህብታይ ፖለቲካዊ ኮሚሳር
4. ዑስማን መሓመድ ኣደም ወተሃደራዊ ሓላፊ
5. ዮናስ ገብርኣምላኽ ቁጠባዊ ሓላፊ
6. ኣሽመላሽ ገብረዝጊ ዜና
7. ኢሳያስ ኣስፍሃ ናይ ወጻኢ ጨናፍር ኣዋሃሃዲ፡፡

ዕድመ ጉባኤ ንሰልስተ ዓመት ክኸውን ብምሉእ ድምጺ ጉባኤኛናታት ጸዲቑ፡፡

ኣብዚ ቀረባ እዋናት ንጉዳይ ሓድነት ዝምልከት ማኣከላይ ባይቶን ኩሉ ኣባል ፈጻሚ ኣካልን መሰረታትን ዘይዓገብሉ ብክልተ ኣባላት ፈጻሚት ኣካልን ኣቦመንበርን ስጉምቲ ምስተወስደ ሓያሎ ኣባልት ማእከላይ ባይቶን መብዛሕትኡ መሰረታትን ዘለዎ  ናይ ዘይዕግበት ሕቶ ኣቕሪቡ፡፡ ነቲ ዝቐረበ ሕቶቶ ኣብ ክንዲ ዕቱብ ፍታሕ ክትገብር ምፍታን  ጎሎ ባይቶ ብምግባር እዚ ዝስዕብ ውሳኔ ከምዝተወስደ ሰሚዕና፡፡

ንምልኪ እቃወም ኣለኹ እንዳበልካ ምልኪ ምንጋስ እምበኣር እነህለ፡፡ ነቶም ኣብ ሕጋዊ ጉባኤ ዝተመርጹ ኣሊኻ ብኢደዋኒንካ ሰባት ምሻም ኣብ ዝኾነ ተሞክሮ ተራእዩን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን፡፡ እቲ ነገር መታን ብሩህ ክኸውን እቲ ብሚስጢር ዝተመሓላለፈ ዘዋሪ መልእክቲ ኣብ ታሕቲ እነሆ፡፡

الحركة الشعبية الإرترية
**ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ**
**Eritrean People's Movement**

ዕለት 22ታሕሳስ 2009
Ref:/FD/EC/0035/09

**ዘዋሪ መልእኽቲ ንሓለፍቲ ጨናፍር፡፡**

ዝኸበርኩም ብጾት

ብቐጻምነት ናይ ቃልስን ጽንዓትን ሰላምታይ ብምቕዳም ኣብ እተሰላስልዎ ሃገራዊ ዕ
ማም ዓወት እናተመነኹ ነዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ከመሓላልፍ ፍቐዱለይ፡፡

ማእከላይ ባይቶ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ካብ ዕለት20 ክሳብ ዕለት 21ታሕሳስ 2009 ዓ.ም ስሩዕ ኣኼባኡ ኣሰላሲሉ ኣዚ ዝስዕብ ጸብጻብን ደምዳሚ ኣዋጅን ሊኢኹ ኣሎሞ ንኩሎም ኣባላት በቲ ክጥዕም ዝኽእል ኣገባብ ክፈልጥዎ ክትገብሩ እላቦው፡፡

ኢሳያስ ኣስፍሃ
ሎንዶን ዓባይ-ብርጣንያ

الحركة الشعبية الإرترية
**ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ**
**Eritrean People's Movement**

**ፖለቲካዊ ወሳኔታት 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ**
**ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ**

ማእከላይ ባይቶ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ካብ ዕለት 20 ክሳብ 21 ታሕሳስ 2009 ኣብ ኣዲስ ኣበባ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ኣካይዱ, በዞም ዝስዕቡ ውሳኔታት ድማ ወጺኡ፡፡

1.ብኣቦወንበርን ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ዝቀረቡ ጸብጻባት ኣጽዲቑ፡፡
2.ሓድነት

3. ሰለስተ ኣሓት ውዱባትን ዝተኻየደ ጉዕዞን ብምንኣድ ኣብ መወዳእታ ዓመት ዝግበር ምጽንባርን ምሉእ ዕግበት ከምዘለዎ መዚኑ፡፡
4. ንዝጎደሉ ኣባላት 6 ማኣከላይ ባይቶ ንምምላእ ኣብ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ዝተገብረ ኮንፈረንሳት ተመልኪቱ ንዝተወስደ ስጉምቲ ኣጽዲቑን፡፡ ኣስማት ዝተተክኡ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ

   ስዩም ገረሱስ
   ዶክተር ተስፋይ ስብሃቱ
   ኣልኣዛር ሓጎስ

ተጠባበ`ቕቲ
ወልደሚካኤል ገብረ
ዶክተር ሰለሙን ተወልደ

5. ሓድሽ ሰልፍና ኣብ ውሽጢ ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ብፍላይ ኣወንታዊ ተራ ክጻወት ከምዝግባእ መዚኑ፡፡
6. ኣባል ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ተኸሊት ሃብታይ ብፍቓዱ ካብ ኣባልነት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ስለ ዝሰሓበ ማእከላይ ባይቶ ዶት ተስፋይ ስብሃቱ ኣብ ቦትኡ ተኪኡ፡፡

ዓወት ወይ ሞት
ማእከላይ ባይቶ
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቃስ
21ታሕሳስ2009

ኣዲስ ኣበባ፡።

***መደምደምታ***

እዚ ዝርዝር ናይቲ ከይተገብረ ተገይሩ ዝብሃል ዘሎ ኣኼባን ዝርዝር ናይቶም ነቶም ሕጋውያን ሰጉግካ ዝተተክኡ ሰባት ኣስማት ዝገልጽ ክትሪኢ እንከሎኻን ትግረም ትድነቅ፡፡ እቶም ተረቑሖም ዘለው ሰባት ንባዕሎም ይፈልጡ ድዮም ኣይፈልጡን ንዓታቶም ዝግደፍ ኮይኑ እቲ ኩነታት ማዕረ ክንደይ ካብ ቅዋማውን ሕጋውን ኣሳራርሓ ተፈንቲቱ ከምዘሎ ግን ኣጸቢቑ ይሕብር ኢዩ።

ብኸምዚ ኣገባብ ቃልሲ ጌርካ ስርዓት ክትቅይርን ሰብኣዊ መሰላት ህዝቢ ከተክብርን ምድራፍ ምስቲ ክውንነት የሳኒዶ ? ህዝቢ ይፍረዶ።
እዚ ብግርም ተሰኒዱ ዘሎኸ ምልኣተ ጉባኤ ኣለዎ ድዩ? ኣብዚ ብዙሕ ሕቶታትን ነቶም ዝቃወም ዘሎ ኣካል ምቅዋሞም ኣብ መስመሩን ኣብ ቅንዕነቱን ዘድምቕ ሙኳኑ ትተኣማመን፡፡
ነቲ ኣብ ጉባኤ ብዲሞክራስያዊ መንገዲ ዝተመርጸ መሪሕ ኣካል ኣብ ጉባኤ ተኻቲዑዘሕለፎ ውሳኔን መትከልን ረጊጹ ጉድለታት ክእርም ስለ ዝፈተነ ብዘይ ኣፍልጦ መሰረታትን ውድብን ጉባኤን ብኢደወነናዊ ከይዲ ክትኣልዮ ምፍታን ሓዲሽ ኣሉታዊ ተሞክሮ ስለ ዝኮነ ኣትሪርካ ክትቃወሞ መሊስካ ትሓንን፡፡ ከምናይ ተስፋይ ስብሃቱሞኸኣ ዝገርምዩ፡፡ መራሕ ጨንፈር ኣይነበረ ኣብ ጉባኤ ኣይትምረጹኒ ኢሉ ለሚኑ ከብቅዕ ሕጂ ናብ ደረጃ ፈጻሚ ኣካል ምስቃሉ እዛ ብርኩታ እምኒ ኣላታ ኢዩ ዘምስል፡፡ እተን ንክሰምራ ዝምነያ ዘለዋ ሰልፍታትከ ነዚ ዘይዲሞክራስያዊ ኣሰራርሓ እንታይ ይብላኦ?

ዓወት ወይ ሞት!
ዘይ ቅዋማዊ ኣገባብ ብምንጻግ ግዝኣተ ሕግን መትከላትን ኤህም ዝክተል ኤህም